# እንታይ እዩ ናይ 450 € ንእሽቶ ስራሕ (ሚኒጆብ)፧

እዚ ኣብ ወርሒ ብገምጋም 450 € ተእትዉሉ ስራሕ እዩ። ብኡ መሰረት **ቀረጽ ኣይትኸፍሉን**፣ ንመድሕን ስራሕ ኣልቦነት፣ ንሓልዮትን ንሕክምናን **ወርሓዊ** ዘይቑረጸ ማለት እዩ። ካብ ናይ **መድሕን ጥሮታ ክፍሊት** ናጻ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። እንታይ ሳዕቤናት ከም ዘምጽኣልኩም ደስ እናበለና ከነማኽረኩም ንኽእል ኢና።

**ኣስተውዕሉ፦** ኣብ ንእሽቶ ስራሕ (ሚኒጆብ) ናይ ሕክምና መድሕን የብልኩምን።
**ናይ ሕክምና መድሕን ናይ ግድን ክህልወኩም ኣለዎ!**

እንተደኣ **ንእሽቶ ስራሕ** ጥራይ ኣለኩም፣ ባዕልኹም ናይ ሕክምና መድሕን ክትኣትዉ ኣለኩም። እንተደኣ ገንዘብ ካብ ኣጀንስያ ዕዮ (Agentur für Arbeit)፣ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት (ዞስያልኣምት) ወይ ማእከል ዕዮ (ጆብሰንተር) ትወስዱ ኮይንኩም፣ ኣብኡ ናይ ሕክምና መድሕን ኣለኩም ማለት እዩ። ንኣብ ስራሕ ዘጋጥም ሓደጋታት ወሃብ ስራሕ መድሕን ይገብረልኩም።

ኣብ ሓደ እዋን **ብዙሓት ንኣሽቱ ስራሓት** ክትሕዙ ትኽእሉ ኢኹም። እንተኾነ ግን እቶትኩም ካብ **450 € ኣብ ወርሒ** ወይ **ድማ 5.400 € ኣብ ዓመት** ክሓልፍ የብሉን፣ እንተዘይኮይኑ ኣብ ነፍስወከፍ ስራሕ ቀረጽ ምኽፋል ትግደዱ።

**ኣስተውዕሉ፦ ንእሽቶ ስራሕን ማእከላይ ስራሕን** (Midijob) ከየደናግረኩም። ኣብ ማእከላይ ስራሕ 450,01 € ክሳብ 1300 € ኣብ ወርሒ እናእተኹም ናይ ማሕበራዊ ውሕስነት ክፍሊት (ቀረጽ) ትኸፍሉ።

# መን ንእሽቶ ስራሕ ክጅምር ይኽእል፧

**ሕቶ ዑቕባኹም ኣብ መስርሕ ምስ ዝህሉ** (Aufenthaltsgestattung ምስ ዝህልወኩም) ወይ ድማ **ሕቶ ዑቕባኹም ምስ ዝንጸግ** (Duldung እንተደኣ ሃልዩኩም)፣ ንእሽቶ ስራሕ ንምጅማር ናይ **ስራሕ ፍቓድ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻኣተኛታት** (Ausländerbehörde) ክትሕዙ ኣለኩም። እንተደኣ ናይ **መንበሪ ፍቓድ** (Aufenthalts-erlaubnis) ኣለኩም ኣብ ዝኾነ እዋን ንእሽቶ ስራሕ ክትጅምሩ ትኽእሉ።

ኣብ ጥቃኹም ዝርከብ ኣድራሻ ናይ ምኽሪ ዝልግሱ ማእከላት ከምኡ'ውን ተወሳኺ ሓበሬታት ኣብ **www.faire-integration.de** ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**መደብ ሓገዝ “ምውህሃድ ብስልጠና“ [Integration durch Qualifizierung (IQ)] ናብ ባይታ ስራሕ ንምጽንባርን ነዚ ብዘላቒ ንምምሕያሽን ዝሃቀነ ኮይኑ ብቐንዱ ንናይ ስደት ድሕረ ባይታ ዘለዎም ብዕድመ ዓበይቲ ወጻእተኛታት ዝጠመተ እዩ። ኣብኡ ኣብ ሙሉእ ሃገር ዘለዋ መርበባት ብናይ ወጻእተኛታት ጉዳያት ዝከታተላ ሞያውያን ቤት ጽሕፈታት ይሕገዛ። እቲ መደብ ብሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን (BMAS) ማሕበራዊ ሳጹን ኤውሮጳን (ESF) ይምወል። ነዚ መደብ ኣብ ምትግባር ድማ ሚኒስትሪ ትምህርትን መጽናዕትን (BMBF) ኣጀንስያ ዕዮን (BA) መሻርኽቲ እዮም።**

Stand: August 2019

Impressum | Herausgeber: Projekt Support Faire Integration, DGB Bildungswerk BUND e.V., Hans-Böckler-Str. 39, 40476 Düsseldorf, Redaktion: Marie Bauer, Laura Chelebet, Jochen Empen, Layout: Gereon Nolte, ZWH e.V.

Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales und den Europäischen Sozialfonds gefördert.

Bundesministerium für Arbeit und Soziales

ESF Europäischer Sozialfonds für Deutschland

Europäische Union

Zusammen. Zukunft. Gestalten.

In Kooperation mit:

Bundesministerium für Bildung und Forschung

Bundesagentur für Arbeit

IQ Netzwerk Integration durch Qualifizierung

FAIRE INTEGRATION

TIGRINYA

# 450-Euro-Minijob

## ናይ 450 € ንእሽቶ ስራሕ

## እንታይ እዮም መሰላተይ፧

## ክንደይ ሰዓታት ክሰርሕ ይፍቀደለይ፧

እንተደኣ ናይ ሰዓት ደሞዝኩም ትፈልጥዎ ኮይንኩም፣ ክንደይ ሰዓታት ኣብ ንእሽቶ ስራሕ ክትሰርሑ ከም ዝፍቀደልኩም ክትሓስብዎ ትኽእሉ።

ገምጋም ናያ ወርሒ ደሞዝ ÷ ናይ ሰዓት ደሞዝ = ገምጋም ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ወርሒ

እንተደኣ **450 € ኣብ ወርሒ** ተእትዉ ኮይንኩም እሞ ኸኣ እቲ ሕጋዊ ዝተሓተ ደሞዝ **9,19 € ጃምላ (brutto) ኣብ ሰዓት** ትወስዱ ኮይንኩም፣ ዝለዓለ **48,96 ሰዓታት ኣብ** ወርሒ ክትሰርሑ ትኽእሉ። ካብ **01.01.2020** ዝተሓተ ደሞዝ ናብ 9,35 € ጃምላ (brutto) ኣብ ሰዓት ክድይብ ስለ ዝኾነ፣ ዝለዓለ **48,12 ሰዓታት ኣብ ወርሒ** ክትሰርሑ ትኽእሉ።

## ኣዝዩ ዝተሓተ ናይ ሰዓት ደሞዝ፣ እንታይ ክገብር እኽእል፧

ነዊሕ ግዜ ኣይትጸበዩ። ንጠፉ! ንወሃብ ስራሕ ናይ ስራሕ ሰዓታትኩም ጸብጻብ ብደብዳበ ጸሓፉሉ። እቲ ዝሰራሕኩሞ ሰዓታት በቲ ናይ ሰዓት ደሞዝኩም መሰረት ክኸፍለኩም ሕተትዎ። ወይ ንማእከላት ምኽሪ ናይ Faire Integration (ፍትሓዊ ምውህሃድ) ከማኽርኹም ተወከሱ። ንሕና ደስ እናበለና ክንሕግዘኩም ኢና!

ኣስተውዕሉ፦ ወሃብ ስራሕ ነቲ ዝሰራሕኩሞ ዝያዳ ሰዓታት ብጥረ ገንዘብ ኣብ ኢድኩም እናኸፈለ፣ ናይ ደሞዝ ሒሳብ ኣይህበኩምን ኣሎ? ምናልባት እዚ ዘይሕጋዊ ስራሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። "ጸሊም ስራሕ" እውን ይባሃል። ከምኡ ዓይነታት ኣይትቀበሉ። ንዓኹም እውን ሕጋዊ ሳዕቤናት ከኸትለኩም ይኽእል እዩ። ወሃብ ስራሕ ኩነታት ስራሕኩም ምስ ሰዓታቱ ከመዝግቦ ኣለዎ።

**ወሃብ ስራሕ ይዕምጸኩም ኣሎ ድዩ? ንሕና ከነማኽረኩምን ኣብ መሰላትኩም ምሕታት ክንሕግዘኩምን ንኽእል ኢና!**

## ኣብ ንእሽቶ ስራሕ እንታይ መሰላት ኣሎኒ፧

ናይ ንእሽቶ ስራሕ ሰራሕተኛታት ከም ካልኦት ሰራሕተኛታት መሰል ስራሕ ኣለኩም።

ከምኡ ስለ ዝኾነ እዚ መሰላት ኣለኩም፦

- **ሕጋዊ ዝተሓተ ደሞዝ** (ኣብ'ዚ እዋን **9,19 €** ጃምላ (brutto) ኣብ ሰዓት ካብ ዕለት 01.01.2020 ድማ 9,35 € ጃምላ (brutto) ኣብ ሰዓት)
- ወይ ድማ **ዝተሓተ ደሞዝ ናይ'ቲ ትነጥፍሉ ዓውዲ ስራሕ** ወይ **ሓባራዊ ስምምዕ ዝተገብረሉ ደሞዝ** (Tariflohn) እንተደኣ ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ውዕል (Tarifvertrag) ኣሎ፣
- ናይ ደሞዝ ሒሳብ (Lohnabrechnung )፣
- ዘይቋረጽ ደሞዝ ኣብ እዋን ሕማም፣ ዕረፍቲ፣ ኣብ በዓላት ወይ ኣብ እዋን ሕርስን ድሕሪኡን። እዚ ማለት፣ እዘን መዓልትታት ከይተካእኩመን ትኽፈልወን።
- ተወሳኺ ክፍሊታት፣ ከም ንኣብነት ኣብ በዓል መዓልቲ ምስራሕ ወይ ድማ ፍሉይ ክፍሊት ከም ንኣብነት ናይ ልደት ገንዘብ፣ እንተደኣ ኣብ ናይ ዕዮን ሓባራዊ ናይ ምውጋይን ስምምዓት ሰፊሮም ኣለዉ ወይ ቀረጽ ዝኸፍሉ መሳርሕትኹም ነዚ ዝወስዱ ኣንተደኣ ኮይኖም፣
- ዕረፍቲ። ክንደይ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ ከም ዘለኩም ኣብ መጸብጸቢ መዓልትታት ናይ ንእሽቶ ስራሕ ማእከል ኣብ ኢንተርነት ኣብ **www.minijob-zentrale.de** ኣቲኹም ክትርእይዎ ትኽእሉ።
- ብጽሑፍ መልክዕ ዝወሃብ ኣገደስቲ ናይ ስራሕ ኩነታት (እንተደንጎየ ሓደ ወርሒ ድሕሪ ስራሕ ምጅማርኩም፣ እንተደኣ ብጽሑፍ ናይ ስራሕ ወዕል ዘይተዋሂብኩም)።

ንንእሽቶ ስራሕን ንማእከላይ ስራሕን ብዝምልከት ተወሰኺ ሓበሬታታት ኣብ **www.minijob-zentrale.de** ትረኽቡ።

## እንታይ ክገብር ኣሎኒ እንተደኣ ንእሽቶ ስራሕ ጀሚረን ካብ ቤት ጽሕፈት ሓገዝ ዝወስድ ኮይነን፧

እንተደኣ ንእሽቶ ስራሕ ጀሚርኩም፣ ነቲ ሓገዝ ትወስዱሉ ቤት ጽሕፈት [ኣጀንስያ ዕዮ፣ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት (ዞስያልኣምት) ወይ ማእከል ዕዮ (ጆብሰንተር)] ብቑልጡፍ ክትሕብሩ ይግባእ። ናይ ደሞዝ ሒሳብኩም ድማ ብቐጻሊ ኣብኡ ከተርእዩን ለውጥታት እንተደኣ ሃልዩ ድማ ብዝቐልጠፈ ክትሕብሩን ኣለኩም። ክፋል ናይ ንእሽታይ ስራሕ እቶትኩም ካብ'ቲ ዝወሃብ ሓጋዝ ይቑረጽ። ክንደይ ከም ዝመጻኩም ድማ እቲ ቤት ጽሕፈት ይጽብጽበልኩም።

## ናይ ሰዓት ደሞዘይ ክንደይ እዩ፧

**ሕጋዊ ዝተሓተ ደሞዝ** ካብ **9,19 € ጃምላ (brutto) ኣብ ሰዓት ካብ 01.01.2019** ከምኡ ድማ **9,35 € ጃምላ (brutto) ኣብ ሰዓት ካብ 01.01.2020** ወሃብ ስራሕ ናይ ግድን ክህበኩም ኣለዎ እንተደኣ ዕድሜኹም ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ኮይኑ።

እንተደኣ ኣብ ሓፈሻዊ ንኹሉ ዝምልከቶ ናይ ምውጋይ ውዕል ዘለዎ ዓውዲ ትሰርሑ ኴንኩም **ዝተሓተ ደሞዝ ናይ'ቲ ዓውዲ** ትወስዱ። እቲ " ዝተሓተ ደሞዝ ዓውዲ ዝርከቦ ዝርዝር" ኣብ ኢንተርነት ቤት ጽሕፈት ጉምሩክ ኣብ www.zoll.de ትረኽብዎ።

**ሓባራዊ ስምምዕ ዝተገብረሉ ደሞዝ** (Tariflohn) ኣባላት ማሕበር ሰራሕተኛታት እንተደኣ ኴንኩም ትወሃብዎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ብቐጥታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

# Der gesetzliche Mindestlohn steigt!

The statutory minimum wage will increase!

حد اقل دستمزد قانونی  در حال افزایش است !

الحد الأدنى للأجور يرتفع

ኣብ ዓውዲ ናይ ልቓሕ ስራሕ እቲ ዝተሓተ ክኽፈል ዝግባእ ደሞዝ ወሲኹ ኣሎ!

¡Sube el salario mínimo interprofesional!

| **Ab** | **Brutto/Std.** | **So viele Stunden dürfen Sie pro Monat arbeiten, wenn Sie 450 € verdienen:** |
|---|---|---|
| from | gross/h | This is the number of hours you can work per month if you earn € 450 |
| از | دستمزد ناخالص در ساعت | این تعداد ساعاتی است، که شما میتوانید در صورت درآمد: 450 یورو در یک ماه کار کنی |
| ابتداءً من | اجمالي / ساعة | هذا هو عدد ساعات العمل الشهرية في حال كنت تكسب يورو 450 ـ (العمل الصغير) شهرياً |
| ካብ | ጃምላ/ሰዓታት | ኣብ ሓደ ወርሒ እዚ ዝስዕብ ሰዓታት ክትሰርሑ ይግባእ እንተደኣ 450 € ኣታዊ ኣለኩም፡- |
| A partir de | Bruto/hora | Si tiene un salario de 450€, estas son las horas que puede trabajar al mes: |
| 01.01.2020 | **9,35 €** | **48,12** |
| 01.01.2021 | **9,50 €** | **47,37** |
| 01.07.2021 | **9,60 €** | **46,87** |
| 01.01.2022 | **9,82 €** | **45,82** |
| 01.07.2022 | **10,45 €** | **43,06** |

## Branchenmindestlöhne gibt es in folgenden Branchen:

There are special minimum wages in following branches /industries:

حداقل دستمزد صنعت در صنایع زیر وجود دارد :

يوجد حدود دنيا للأجور في القطاعات التالية

እቲ ዝተሓተ ክኽፈል ዝግባእ ሕጋዊ ደሞዝ ወሲኹ ኣሎ!

En los siguientes sectores existe un salario mínimo específico:

- Abfallwirtschaft, einschließlich Straßenreinigung und Winterdienst
- Aus- und Weiterbildungsdienstleistungen nach dem Zweiten oder DrittenBuch Sozialgesetzbuch
- Bauhauptgewerbe
- Dachdeckerhandwerk
- Elektrohandwerke
- Steinmetz- und Steinbildhauerhandwerk
- Maler- und Lackiererhandwerk
- Gebäudereinigung
- Pflegebranche
- Schornsteinfeger
- Zeitarbeitsbranche

## Die Branchenmindestlöhne sind auf dieser Webseite zu finden:

The minimum wages of each branch/industry can be found on this website:

معلومات بیشتر در مورد حداقل دستمزد در صنعت را می توانید در این : صفحه ها در یافت کنید

يمكن معرفة الحدود الدنيا للأجور لكل قطاع عمل في الموقع التالي

ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት እቲ ዝተሓተ ክኽፈል ዝግባእ ደሞዝ ኣብ'ዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ይርከብ፡-

Encontrará el salario mínimo de cada sector en la siguiente página web:

**www.zoll.de -> Privatpersonen -> Arbeit -> Übersicht Branchen-Mindestlöhne**